# ኤርትራውያን ተቐማጠ በርሊን
# 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ብኽብሪ ዘኪሮም

ኤርትራውያን ተቐማጠ በርሊንን ከባቢኣን ብዕለት 20.06.2013 ኣብ ቐጽሪ ኢ.ምባሲ ሃገረ ኢ.ርትራ ምስቶም ተረከብቲ ሕድሪ ደቀም ብሓባር "ሃገር ኣብ ዝኽሪ ሓበን" ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ብክብ ዝበለ ሃገራዊ መንፈስ ኣኽበሩ።

መደብ ብዝኽሪ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይ፡ ረዚን መልእኽቲ ሰማእታት ብድሕሪ ምቕራብ ፡ ሰዉኣትና ዋላእኳ ብኣካል ምሳና ኣይሃልዉ እምበር ኣብ ልቢ ኩሉ ኢ.ርትራዊ ግን ነበርቲ እዮም ብፍላይ አብዛ መዓልቲ እዚኣ 20 ሰነ ሕድሮም እነሕድሰሉ ዕለት ስለዝኾነ ሕጂ'ውን ሕድሪ ሰዉኣትና ኣብ ግብሪ ንኽነውዕሎ፡ ሓድነትና ኣደልዲልና ሰላምን ዕብየትን ህዝቢ ኤርትራ ዘይደልዩ ፡ ንነኣሽቱ ፍጻመታት ኣተዓብብዮምን ዘይትርጉሙን ትንታኔኡን ሂቦም ፡ ዘይነበረን ዘይተገብረን ፍጻሜታት እናደረሱ ፡ ብሰነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት ኣብ ህዝቢ ናዕብን ፍልልያትን ከሳውሩ ኣብ ህርድግ ዝርከቡ ደመኛታት ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ብዝሓየለ ናይ ምምካትን ምስዓርን ያታና ዝያዳ ክሰውድ ከምዘለዎ ኣዘኻኸረ ። ሰዉኣትና ንኽቐሰኑ ኣብ ፕሮጀክት „ምንባይ ስድራ ሰዉኣት" ተሳቲፍና ንኽዓቢ ለበዋኡ ብድሕሪ ምልግጋስ መደብ ምብራህ ሽምዓ ሰማእታት ጀመረ።

ቀጺሉ ም/ኣቦ መንበር ማ/ኮም በርሊን ኣቶ ሙሴ ፍስሃየ ፡ "ስለ ናጽነት መስዋእቲ ስድራቤት" ዝርእስታ ኣብ ክዉን ዛንታ ተሞርኮሰ ብዛዕባ ሓንቲ ኤርትራዊት ስድራቤት ዝገልጽ ታሪኽ ብድሕሪ ምቕራብ ንተሳተፍቲ ኣብ መደባት ዕለተ 20 ሰነ ንኽሳተፉ ብኽብሪ ዓደመ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ኣብ ፕሮጀክት „ምንባይ ስድራ ሰዉኣት" ዝተዓወቱ ስድራ ቤታት ካብ ኢ.ድ ክቡር ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ናይቲ ሰናይ ተግባሮም መርጋገጺ ሰነድ ክዕድሉ ከለው፡ ካብ ተሳተፍቲ ብርክት ዝበሉ ሓደሽቲ ስድራቤታት ድማ ኣብቲ ቅዱስ ዓላማ ፡ ፕሮጀክት „ምንባይ ስድራ ሰዉኣት" እጃሞም ንኽሳተፉ ድልውነቶም ኣረጋገጹ።

ሰዉኣትና ከይቀሰኑ ኣይንቐሰንንኢ.ና

ዓወት ንሓፋሽ
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስወኣትና

ማሕበረኮም በርሊ.ንን ከባቢ.ኣን
ዕለት 23.06.2013